*__ገምጋምና ኣብ ጉዳይ ዋዕላ ብሩስልስ__*

**ሕዳር 14, 2009**

**ኤርትራና.ኮም**

ማንም ኤርትራዊ ዉልቀሰብ፡ ኤርትራዊ ጉጅለ፡ ኤርትራዊ ዉድብ፡ ከምኡ'ዉን ግንባር፡ ብዛዕባ ሃገሩ ክዝትን፡ ክመያየጥን፡ ክሰምዕን ከስምዕን መሰል ከምዘለዎ ኢና ንኣምን።

ንብሄሮም፡ ንሃይማኖቶም፡ ንፖለቲካዊ ኣረኣእያኦም ዝዉክሉ ተጠርኒፎም ዝቃለሱ ዉድባት ከምዘለዉ ንፈልጥ ኢና። ብዉልቆም ዝነጥፉ፡ ብጉጅለ ዝነጥፉ፡ ኣካላት'ዉን ኣለዉ፡ ኩሎም ዝጠቐስናዮም ኣካላት'ዉን ንወጽዓን ጸገምን ህዝቢ ኤርትራ ፍታሕ ንምንዳይ ከምዝቆሙን ከምዝተመስረቱን እዮም ዝሕብሩ። ከም ብዝሓም መጠን'ዉን ኣብ ኣገባብ ኣፈታትሓ ፖለቲካዊ ጸገም ኤርትራ፡ መሰረታዊ ዝኾኑን መሰረታዊ ዘይኮኑን ፍልልያት ኣለዎም። ሓደ ንኹሎም ከም ደቂ ሃገር ጠርኒፉ ዘቃልስ ኣገባብ ገና የሎን። ዝተሓተ መተኣኻኸቢ ኤርትራዉነት እዩ ክኸዉን ዝግብኦ፡ ይኹን እምበር ኣብ ኤርትራዉነት'ዉን ከይተረፈ ናይ ሓባር ዝተጨበጠ ኣረኣእያ ይኹን ኣረዳድኣ ኣሎ ኢልና ኣይንኣምንን። እቲ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ጉዳይ ድማ ኣብ ልዕሊ ዝገዝእ ዘሎ ስርዓት ኣዝዩ ዝተፈላለየ ገምጋማት ምህላዉ ኮይኑ፡ ንምዉጋዱ ዝምረጽ ኣገባብ ቃልሲ ብኡኡ ደረጃ ፋሕ ዝበለ እዩ።

ናይ ብሩስልስ ዋዕላ፡ ናይ'ቶም ዝጸዓሩሉን ዝደኸሙሉን ኣካላት መሰል እዩ። ፖለቲካዊ እምነቶም፡ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዘለዎም ኣረኣእያን ኣመዛዝናን ብዘየገድስ፡ ንመሰሎም ተጠቒሞም ንዝኣምኑሉ ዕላማ ንምዕዋት ዘካየዱዎ መስርሕ ስለዝኾነ፡ ብጀካ ኣብ'ቲ ዋዕላ ንዝዘተዩሉ ጉዳይ ሃገርን ዘቕረቡዎ ጽሑፍን፡ ገምጋምን፡ ሚዛንን፡ ምዳጋፍ ወይ'ዉን ምቅዋም እምበር ብዛዕባ ንመን ዓዲሞምን፡ ንመን ክዕድሙ ነይሩዎምን፡ ካልኡት ብደገ ኮይኖም ወሰንትትን ኣረምትትን፡ ነቐፍትን ኮይኖም ዝቐርቡሉ ምኽንያት ብፍጹም ኣይረኣየናን።

ነቲ ብዉልቀሰባትን ብናይ መርበብ ሓበሬታታትን ንዝቐረበ ተቓዉሞ፡ መብዛሕቲኡ መትሓዝን መጨበጥን'ዉን ስለዘይረኣናሉ፡ ሪኢይቶ'ዉን ክኸዉን ስለዝኽእል ክንሰግሮ መሪጽና ኣሎና። ነቲ ብኣቦ መንበር ኪዳን፡ ኣቶ ተወልደ ገብረስላሰ ንዝተጻሕፈ ጥርዓን ክንግምግሞ ግቡእ እዩ ኢልና ስለዝዓገብና፡ ገምጋምና ብከም'ዚ ዝስዕብ ነቕርብ።

ብቐዳምነት ኣቦ መንበር ኪዳን፡ ኣቶ ተወልደ ገብረስላሰ ቅድሚ ጥርዓን ምቕራቡ፡ ብዛዕባ ዝካየድ ዘሎ ዋዕላ እኹልን ዝግባእን ሓበሬታ ከዋህልል ምተገብኦ ነይሩ። ብተወሳኺ ኣቶ ተወልደ ገብረስላሰ፡ ኪዳን፡ ኤርትራዉያን ኣብ ኤዉሮጳ፡ ኣብ ኣሜሪካ፡ ኣብ ኣዉስትራልያ፡ ኣብ ኤስያ ኮታ ኣብ ዝኾነ ክፍለ ዓለም ይኹን ሃገር ዋዕላ ንኸካይዱ ናይ ኪዳን ፍቓድ ዝሓትሉን ዝጽበዩሉን ምኽንያት ከምዘየለ ክፍልጥ ምተገብኦ ነይሩ። ኪዳን ኣብ ሎሚ በጺሑ ተቖጻጻሪ ክኸዉን ዝደልየሉ ዘሎ ምኽንያት እንታይ እዩ? ነብሰ ወከፍ ኣብ ትሕቲ ኪዳን ዘለዋ ዉድባት ኣብ ኤዉሮጳ ይኹን ኣብ ኣሜሪካ ብፍኑዉ ምልክዑ ነናይ ዉልቀ ዉድባተን ዕላማ ኣምሪሔን ርክባት ከምዝገብራ ዘይፈልጥ ሰብ ኣሎ ድዩ፡ ንምኽኣኑኸ ኪዳን ንኽቆጻጸር ሕጋዊ መብቲ መን'ዩ ሂቡዎ።

ኣቶ ተወልደ ገብረስላሰ፡ ኣብ ብሩስልስ ዝተኻየደ ዋዕላ፡ ንኪዳን ንዉክሎ ኢና ኢሉ ክሳዕ መግለጺ ዘየዉጽኤ፡ ንኪዳን ኣይዉኩሉን እዮም ኢሉ ምቑሩምራሙን፡ ብዛዕባ ኣወዳድባን ኣሰታትፍኡን ዕቃቤታት ምቕራብ፡ ብዘይ ተሳትፎ ወሳኒ ተራ ዘለዎ ኤ.ዲ.ኪ ክዝትን ክዉስንን ኣይግባእን ኣብ ዝብል መደምደምታ ምብጹሑ፡ ብተወሳኺ ነዚ ዋዕላ ብድሕሪ መጋረጃ ዝካየድ በታታኒ ንዉሽጣዊ ዓቕምታት ደምበ ተቓዉሞ ኤርትራ ዘዳኽምን ዝመቓቕልን'ዩ ኢሉ ጥርዓን ምቕራቡ፡ ንኣቶ ተወልደ ገብረስላሰ ብኣሉታ ዘምዝን ኣዝዩ ህንጡይ ዝኾነ ስልጣንን መብትኻን ካብ ምስሓት ዝቐረበ ኣራሚ ዘይኮነስ ንባዕሉ መቓቓልን ከፋፋልን ኣብ ርእሲ ምኳኑ ዋላ'ዉን ነቲ ኣገባብ ኣሰራርሓ ኪዳን ዝጠሓሰ ህንጡይ ጥርዓን እዩ።

ኣቶ ተወልደ ገብረስላሰ፡ ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ፡ ጥርዓኑ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ኣይለኣኾን። ጆስ ማኑኤል ባርሶ፡ ኣብ ዋዕላ ብሩስልስ ኢድ ኣይነበሮን። እዚ ድኽመት እዚ'ዉን

ንብቕዓት ተወልደ ይኹን ንዝመርሖ ኪዳን ኣዝዩ ብኣሉታ ዘምዝንን ምልክት ሕቶ ዘንብርን ሕማቕ ፖለቲካዊ በሰላ እዩ።

ኣቶ ተወልደ ገብረስላሰ፡ ጥርዓኑ ብምቕጻል ዋዕላ ብሩስልስ ነቲ ከካይዶኦ መዲብናዮ ዘሎና ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ ክሓላልኾን ክዕንቅፎን ዝኽእል ክስትት'ዩ ብማለት'ዉን ጠሪዑ እዩ። ሕጂ'ዉን እንተኾነ ሓዉ ተወልደ ገብረስላሰ ፍጹም ሓቅነት ዘይብሉ ክሲ እዩ ኣቕሪቡ ዘሎ፡ ዋዕላ ብሩስልስን ዋዕላ ኪዳንን እንታይ ዘራኽብ ኣለዎ። ናይ ኪዳን ዋዕላ ንኽይካየድ ናይ ባዕሉ ኣብ ኪዳን ዘሎ ዝተሓላላኸ ሰፊሕ ሃገራዊ ኣረኣእያ ካብ ዘይምጥራይን፡ ምጭባጥን ዝምንጩ ድሑር ሕማማት፡ ንኤርትራ ቕድሚት ናይ ምስራዕ ሕጽረታት ዝረመሶ ምትእኽኻብ ብምኻኑ'ዶ ኣይኮነን። ዋዕላ ንኽይካየድ ዓቕሚ ስኢኑ ዘሎ፡ ናይ ኪዳን ዋዕላ ኣቐዲሙ ፈሺሉ ክነሱ፡ ሎሚ ምስ ዋዕላ ብሩስልስ ኣዛሚድካ ምስምስ ከተካይደሉ ምፍታን ሰማዒ ዘይጥረየሉ ዱኹም ፕሮፖጋንዳ እዩ።

ኣቶ ተወልደ ገብረስላሰ፡ ዋዕላ ብሩስልስ ንሓድነት ኤ.ዲ.ኪ ናብ ሕሉፍ ኣሉታዊ ተሞክሮ ምንጽጻግን፡ ዘይሃናጺ ዉድድራትን፡ ምጥርጣራትን፡ ዘይምትእምማንን ክጥሕልን፡ በብሸነኹን ደደንቢኡን ፈልዩ ንምብትታን ዘሳጥሕ ሰራም ተርእዮ ስለዝኾነ ኣብ ዉሽጣዊ ጉዳያትና ኣይትእተዉ ይብል።

ኣቶ ተወልደ ነየናይ ሓድነት ኪዳን ይጅሃረሉ ከምዘሎ ፍጹም ክበርሃልና ኣይኽኣለን፡ ንሓዉ ተወልደ ኣይፋልካን ነዚ ዋዕላ ብሩስልስ ብዘይምለከቶ ጉዳይ ኣይትወንጅሎ ከምኡ'ዉን ብሓላፍነት ኣይትሕተቶ። ንዋዕላ ብሩስልስ ኣሳቢ.ብካ ኣቕሚጥካየን ዘለኻ ጸገማት ናይ ባዕልኹም ጸገማት እየን።

ምንጽጻግ - ዘይሃናጺ ዉድድራት
ምጥርጣራት - ዘይምትእምማን

በብሸነኽካን ደደንበኻን ፈሊኻ ምብትታን፡ ታሪኽን ባህልን ኪዳን እዩ፡ ኪዳን ናይ ሓባር ዕላማ ወኒኑ ኣይፈልጥን፡ እቲ ኣብ ቻርተር ኣብ ወረቐት ዝተርፍ ዕላማ ክሰርሓሉ ከምዘይኽእል ስለ ዝፍለጥ ጥራሕ እዩ ስምምዕ ዝግበረሉ። ኪዳን ዋላ ዝተሓተ መተኣኻኸቢ የብሉን፡ ዝተሓተ መተኣኻኸቢ ከም'ቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ኤርትራዊ ሃገርነት እዩ፡ ሓቂ ንምዝራብ ዝኣክል ዋላ'ዉን ኣብ ኤርትራዊ ሃገርነት፡ ኪዳን ሓባራዊ ዕግበት ኣለዎ ኢልና ኣይንኣምንን። ሓደ ዝነበረ ጽላል ሎሚ ኣብ ሰለስተ ጽላላት ተኸፋፊሉ፡

1. ጽላል ተዳሙን /እስላማዊ ግንባር/
2. ጽላል ብሄራት /ብሄራዊ ግንባር/
3. ጽላል ሰልፍታት /ሰላማዊ ቃልሲ/

ተባሂሉ'ዉን ደደንቢኡ ፈልዩ ይርከብ ኣሎ። ስለ'ዚ ኪዳን ብናይ ባዕሉ ድኽመታት ፈሪሱን መሽሚሹን መሪቱን ኣብ ዘለወሉ መድረኽ፡ ኣብ ኤውሮጳ ብደረጃ ዕማም ሓይሊ ተወዲቦም ዝመሰሎምን ዓቕሞም ዘፍቀደሎምን ይገብሩ ንዘለዉ ኤርትራዉያን ተሓተቲ ክትገብሮም ምፍታን ርኡይ ዓመጽ እዩ። ንመን ይዕድሙን ንመን ኣይዕድሙን ምዉሳን መሰሎም እዩ። ብኣረኣእያን ብኣተሓሳስባን ምስኦም ንዝሰማምዑ ዉድባት ምዕዳሞም'ዉን ቅኑዕን ግቡእን እዩ። ብናትና ገምጋም፡ እዚ ዕማም ሓይሊ'ዚ ሕጂ ብሃንደበት ዝተመስረተ ወይ'ዉን ዝተፈጥረ ኣይኮነን፡ ነዊሕ ጻዕርን ቃልስን ዝተኻየደሉ ኮይኑ፡ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ምስ NGO ናይ ምስራሕ ተሞክሮ ንዘለዎም፡ ኣብ ኤርትራ ብሰላማዊ ኣገባብ ቃልስን ዕርቅን፡ ሕድገትን፡ ለዉጢ ክመጽእ ይኽእል'ዩ ኢሎም ንዝኣምኑ፡ መብዛሕቲኦም ፕሮፈሽናል ሞያ ዘለዎም ንጎነጻዊ ቃልሲ ዝኹኑኑን፡ ብፍላይ ንጽላል ሰልፍታት ንምዕዋትን ንምሕያልን ሞተር ኮይኖም ዘገልግሉ ዘለዉ ኣካላት ምኻኖም ንዓና ብሩህ እዩ።

ንሕና ብሸነኽና፡ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብጀካ ብጎነጻዊ ቃልሲ ብኻልእ ኣገባብ ክዉገድ እዩ ኢልና ኣይንኣምንን። ኣብ ኤርትራ ምስ ስርዓት ኢሳያስ ተዓሪቕካ ስልጣን ተመቓሪሕካ፡ናይ ህዝቢ ኤርትራ ጸገማት ክፈትሖ እየ ኢልካ ምእማን፡ ጽገና እምበር መሰረታዊ ለዉጢ ከምጽእ ኣይኽእልን እዩ ዝብል ጽኑዕ እምነትን መትከልን ስለዘለና ኣይንቕበሎን። ኣብ ዋዕላ ብሩስልስ

ኣይተዓደምናን ኢልና ድማ ዉሑድን ብዙሕን ኣይተዛረብናን። ብመሰረቱ ኣይምልከተናን፡ ይትረፍዶ ዘይዓደምኩምና ኢልና ክነዕገርግርስ፡ እንተዝዕዱሙና'ዉን ምነጸግናዮ እምበር ኣይምተቐበልናዮን።

ንሕና ብሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ለዉጢ ክመጽእ'ዩ ኢልና ኣይንኣምንን። ኮይኑ ግን ገምጋምና ጉጉይ ኮይኑ እንተድኣ ብሰላማዊ ቃልሲ <u>መሰረታዊ ለዉጢ</u> መጺኡ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ይጥዓሞ እምበር ናትና ጉጉይ ገምጋም ኣጣዒሱና፡ ኣብ ህልኸን ቂምን ክንኣቱ ፍቓደኛታት ኣይኮናን። እነካይዶ ዘሎና ቃልሲ ህዝብና ፍትሒ፡ ዲሞክራሲ፡ ሰላምን ዕብየትን ንኽረክብ እምበር፡ ንኻሊእ ጉዳይ ኣይኮነን። ዕሙት ተቓዉሞ፡ ቅንኢ ህልኽ ደሪኹና እነካይዶ፡ ንሃገርናን ህዝብናን ዝጎድእ ዝኾነ ይኹን ዕላማ የብልናን።

ነዚ ናይ ብሩስልስ ዋዕላ፡ ናይ ትግርኛን ናይ ክርስትያንን ዉዲታዊ ዋዕላ ገይሮም ከቕርብዎ ዝፈተኑ ኣካላት ካብ ጭቡጥ መርትዖ ከምዘይነቕሉ ኣጸቢቕና ንፈልጥ ኢና። ግን እንታይ ይገብር፡ መዋእሎም ንሰባት ኣብ ክንዲ ብኣረኣእያኦምን ኣተሓሳስባኦምን ዝመዝኑ ብመበቆሎምን ብሃይማኖቶምን ክገልጹዎምን ክመዝኑዎምን ዝመርጹ ፖለቲከኛታት ስለዘለዉና ክሳዕ ኣብ ጉዕዞ ዝተርፉ ብዘይ ንሓፍነት ክንቃለሶም ናይ ግድን እዩ። ኣብ ፖለቲካ ዝዋሳእ ዉልቀሰብ ይኹን ጉጅለ፡ ዉድብ፡ ግንባር፡ ብዕላምኡን ኣቀልልሳኡን ክምዘን እዩ ዝግብኦ እምበር፡ ካሊእ መምዘንን መዕቀንን ምድላይ ትርጉም የብሉን።

<u>ፍትሒ ሃይማኖት የብላን፡ ፍትሓዊ ኣስላማይ ክህሉ ግድን'ዩ፡ ዘይፍትሓዊ ኣስላማይ ክህሉ'ዉን ግድን'ዩ። ከምኡ'ዉን ፍትሓዊ ክስታናይ ኣሎ፡ ዘይፍትሓዊ ዓማጺ ክስታናይ ክህሉ'ዉን ግድን'ዩ።</u> ኣብ መእተዊና ብዛዕባ ብሩስልስ ብዙሕ ከምዝብሃል ኣሚትና ኔርና። ነቲ ናይ ዉልቀሰባት ሰጊርና ናብ ናይ ኣቶ ተወልደ ገብረስላሰ ዝያዳ ከነድህብ ከምዝመረጽና'ዉን ሓቢርና ኢና። ይኹን እምበር ሓደ ዘይስገር <u>ናይ ኣቶ ፍስሃ ናይር</u> ገምጋም ኣሎ። ኣብ ሕዳር 1 ፡ Commentary on the coming conference organized by EEPA ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ነዘን ዝስዕባ ኣሉታዊ ነጥብታት ኣቕሚጡ ሓሊፉ፡

1. እንተድኣ እዚ ናይ ብሩስልስ ዋዕላ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰልን ዲሞክራስን ህዝቢ ኤርትራ ክዝተ ኮይኑ ሓባራዊ ኣእምሮኣዊ ስእሊ ኤርትራዊ ጸገም ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸዉን ነይሩዎ።
2. ኣብ'ዚ ዋዕላ'ዚ ዘይተዓደማ ኣካላት፡ ነቲ ክምስረት ዝግብኦ መስርሕ ምትእምማን ኣብ ሞንጎ ሓይልታት ዲሞክራሲ ብኣሉታ ጸልዩ ጉድኣት ከዉርድ ይኽእል እዩ።
3. ኣዳለዉቲ ናይ'ዚ ዋዕላ በቲ ዝፍጠር ኣሉታዊ ዉጽኢት ናይ'ዚ ዋዕላ፡ ንኤርትራዉያን ብምክፍፋል ተሓተትቲ ክኾኑ እዮ። ድሕሪ ዉድቀት ስርዓት ኢሳያስ ስልጣን ንምብሓት ዝንቀሳቐሱ ኣካላት እዮም።

ኣብ'ዚ ናይ ሕዳር 1 - መልእኽቱ ክርስትያንን ትግርኛን ጥራሕ እዮም ተሳቲፎም እዩ ዝብለና ዘሎ። ስለ'ዚ ዝያዳ ምእንቲ ክበርህ፡ ነቲ ብዕለት 14 ሕዳር ዝፈነዎ መልእኽቲ ንከታትል።

ኣብ ሕዳር 14፡ Simple truths of the Brussels conference ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ኣቶ ፍስሃ ናይር ፡ ንብሕዳር 11 ብኣቶ ገብረኣብ ገ/ክርስቶስ ዝተጻሕፈት Not in my name ንትብል ንናይ ተወልደ ገብረስላሰ ጥርዓን ምኽንያት ገይሩ ንዝጽሓፎ መልእኽቲ መልሲ ክህብ ከምዝደለየ ገይሩ እዩ ጀሚሩ፡ ኮይኑ ግን ኣቶ ፍስሃ ናይር ንባዕሉ ዕርቃኑ ዘዉጽኤ መርዛም ዝኾነ መልእኽቲ እዩ ኣሕሊፉ። ንምዝኽኻር ዝኣክል እተን ኣገደስቲ ዝበልናየን መርዛም ምልእኽትታቱ እዘን ዝስዕባ እየን።

ኣብ ልዕሊ ሓዉ ዓብዱራሕማን ኣሰይድ ኣካይዱዎ ዘሎ ኣሉታዊ መጥቃዕቲ፡ ዓብዱራሕማን ነቲ ጸቢብ ናይ ፌደራልያ ጉጅለ ነጺጉ ኣብ ሰፊሕ ኤርትራዊ ራእይ ዝዉክል ፖለቲካዊ ጉዕዞ ክሳተፍ ምምራጹ ምኽኑ ባዕሉ ኣብሪሁዎ ኣሎ። ዓብዱራሕማን፡ ብፍስሃ ናይር ክብሩ ክጎድል ኣይኽእልን። ብኣንጻሩ ብብዙሓት ኣሽሓት ኤርትራዉያን ክብሩ ክሕደስ እዩ። ፍስሃ

ናይር ንዓብዱራሕማን ብዛዕባ ኣባል ፌደራልያ እንከሎ ጽሒፉዎ ንዝበሎ ኣርቲክል ኣብ ሎሚ በጺሑ ከቃልዖ ምፍታኑ ኣበይ ንምብጻሕ ምኻኑ ፉሉጥ እዩ። ሎሚ ፍስሃ ናይር ደጋፊ ዓሊ ሳልም ኮይኑ ብግልጺ ንዓሊ ሳልሚ ብጹሑፉ ክንእድን ከደንቕን ኣብ ዝርከበሉ እዋን ዓብዱራሕማን ኣበይ ከምዘሎን እንታይ ይሰርሕን የፍርን ኣሎ ኩሉ ኤርትራዊ ይዕዘቦ ስለዘሎ ንዓብዱራሕማን ንምጽላም ዘቕነዔ ፈተነ ፍስሃ ናይር ከንቱ ምኻኑ ክበርሃሉ ኣለዎ።

ብዛዕባ ዋዕላ ብሩስልስ ኣስዒቡ፡ ተኻፊልቲ ዋዕላ ሓደ ክፉል ሕብረተሰብ ኤርትራ /ትግርኛን ክርስትያንን/ ምኻኖም ከብርህ እንከሎ ስዒቡ ይብል፡ ንኣብነት እዚ ሕጂ ኣብ ብሩስልስ ተሳቲፉ ዘሎ ኣካል፡ እንተድኣ እቶም ኣብ ብሩስልስ ዘይተሳተፉ ኣካላት፡ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ብምትሕብባር ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ዋዕላ ኣካይዶም፡ ዋእ ሎሚ ኸ ኣስላም ተኣኪቦም ምተባህለ ይብል።

ኣስዒቡ ወልደ የሱስ ዓማር ኣነ ዝዉክሎ ሰልፊ ሰላማዉን ዲሞክራስያዉን ቃልሲ ተጠቒምካ ንስርዓት ምዉጋድ'ዩ። ኣነ EDP — EPM — EPP ንዝበሃላ ሰልፍታት ይዉክል፡ ንሕና ሓያል ዝኾነ ህዝባዊ ደገፍ ኣሎና ስለዝበለ ነዚ ኣባሃህላ'ዚ ፍስሃ ናይር ከፋፋሊ እዩ፡ ድሕሪ ምባሉ ናይ ኢሳያስ 1970ታት ድምጽን መልእኽትን ኮይኑ ከምዝተሰምዖ እዩ ብቑሉዕ ንወልደን ንኢሳያስን ከም ሓደ ዓይነት ዕላማ ዝዉንኑ ሰባት ገይሩ ኣቕሪቡዎ ዘሎ።

ፍስሃ ናይርን ዓሊ ሳልምን ፍልልይ የብሎምን፡ ስለዝኾነ'ዉን ናይ ብሩስልስ ዋዕላ ናይ ክርስትያን ዋዕላ'ዩ እንተበሎ መርገጺኡ እዩ ዘነጽር ዘሎ። ኣጠማምታኡን ኣረኣእያኡን ኣብ ናይ ኤርትራ ፖለቲካ'ዩ ዘብርህ ዘሎ። ብኻሊእ ኣዘራርባ ንሱ ኣባል ናይ እስላማዊ ግንባር ተዳሙን ስለዝኾነ፡ ነቲ ተሪፉ ዘሎ ዉድባት፡ ሰልፍታት ከም ናይ ክርስትያን ግንባር ክሪኦ መሰሉ እዩ፡ ሓቅነት ግን የብሉን። ንወልደየሱስ ዓማር ካብ ኢሳያስ ኣይሓይሽን ዝበለ ኣቐዲሙ ዓሊ ሳልም እዩ፡ ሕጂ'ዉን ፍስሃ ናይር ንናይ ወልደ የሱስ ዓማር መደረ ኣብ ብሩስልስ ምስ'ቲ ናይ ኢሳያስ ኣብ 1970 ናይ ንሕናን ዕላማናን፡ ናይ ሰልፊ ነጻነት መርገጻት ከተኣሳስሮ ምፍታኑ ሕጂ'ዉን እንተኾነ ፍጹም ሓቅነት የብሉን። ፍስሃ ናይር ኣብ ኤርትራ ናይ እስላምን ክርስትያንን ፖለቲካ እንተዘይኮይኑ ናይ ኣረኣእያን ናይ ዕላማን ፍልልይ ኣሎ ኢሉ ኣይኣምንን።

ንሕና እስላም ኣብ ስዑዲ ብምትሕብባር ንግስነት ስዑዲ ኣብ ጆዳ ኣኼባ እንተንገብር ኣስላም ተኣኪቦም ኣኼባ ጌርና ምተበሃልና ዝብል ኣበሃህላ ብናትኩም ገምጋም ሚዛንኩም ሃቡሉ። ፍሰሃ ናይር ግን ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ፍትሕን ዲሞክራስን ትርጉም ዘለዎ ኣስተዋጽኦ ክገብር ዘይኽእል ሰብ ምኻኑ ብሸነኽና መዚንና ኢና።

ብሸነኽና እዚ ብሃይማኖትን ዓሌትን ፈላሊኻ ዝግበር ፖለቲካ ከይዱ ከይዱ ንመሃዝቱን ኣንቀሳቐስቱን ለኪሙ ዝድርበ ኣተሓሳስባ ምኻኑ ንጹር ክንገብር ንፈቱ። ከምኡ'ዉን ብመሰረቱ ስልጣን ዝቋምቱ፡ በጻብዕቲ ዝቑጸሩ ሰባት፡ ንሕብረተሰብ በኪሎም፡ ሓድነት ህዝብታትና ኣፍሪሶም፡ ንመስርሕ ከይዲ ኤርትራዊ መንነትና ኣብ ሓደጋ ከየዉድቑዎ ብዘይ ንሓፍነት ክንብድሆም ይግባእ። ብናይ ሓባር ክቡር ዋጋ ዝተረኽበት ሃገር ድሕሪ ሕጂ'ዉን እንተኾነ ብናይ ሓባር ጽፉፉን ፍትሓዉን ኣገባባ ቃልሲ፡ ሃገራዊ ክብርና ተሓልዩ ኩሉ ኤርትራዊ ብማዕርነትን ብምክብባርን ዝነብረላ ሃገር፡ ኣብ ልዕሊ መቓብር ፋሺሽታዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ክንተክል ምኻንና ኢና ንኣምን።

ፋሺሽታዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብዘይ ጎነጻዊ ቃልሲ ክዉገድ ኣይኽእልን!
ሰፊሕ ግንባር መሰረታዊ ለዉጢ ንምምስራት ንረባረብ!
ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ ፡ ዉድቀት ንፋሺሽታዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ!

ሕዳር 14, 2009
ኤርትራና.ኮም